ኤርትራውያን ስደተኛታት
ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ የመንን ግብጽን ይሳቐዩ ኣለዉ

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
09.10.2008

ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ የመን ኣብ ትሕቲ ኣዝዩ ሕማቕ ዝኾነ ናይ ማእሰርቲ ኩነታት ይሳቐዩ ከምዘለዉ፡ ኣብ የመን ዝርከብ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓቢሩ።

ያሲን ጀማል፡ ኣሕመድ መሓመድ ኣሕመድ፡ ሙሳ መሓመድ ኢድሪስ፡ ኣደም ዑመር ኢብራሂም፡ ኣሕመድ ዑመር ኢብራሂም፡ ኣደም ኣሕመድ መሓመድን ብርኽቲ ታደሰ ዮውሃንስ ዝተባህሉ እሱራት ስደተኛታት፡ ብ6 ጥቅምቲ ናብ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ዝጸሓፍዎ ጥርዓን፤ እቶም ስደተኛታት፡ ኣብ ሓደ ብሰበ-ስልጣን ናይ ፓስፖርትን ኢሚግረሽንን ዜግነት ዝውነን ቤት ማእሰርቲ ተዳጒኖም ከምዝርከቡን፤ ብሕማምን ብጥሜትን ካልእ ሕማቕ ኣተሓሕዛን ይሳቐዩ ከም ዘለዉ ሓቢሮም።

ብተወሳኺ፡ እቶም እሱራት፡ ሓደ ወኪል ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ኣብ'ቲ ማእሰርቲ ቅድሚ ክልተ ሳምንቲ በጺሕዎም ከምዝነበረን፤ ክምለሰኩም ኢየ ዝብል መብጽዓ ኣትዩሎም ከብቅዕ፡ ክሳዕ ሕጂ ከምዘይተመልሶምን፤ ኣብ'ቲ ንላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ዝጸሓፍዎ ደብዳቤ ገሊጾም።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኣብ ግብጺ ተኣሲሮም ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኩነታቶም ሕማቕ ምህላዉ፡ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ'ቲ ቦታ'ቲ ይሕብሩ። ገለ፡ ካብ'ዞም ስደተኛታት እዚኣቶም ንልዕሊ ሓደ ዓመት ዝኸውን ግዜ፡ ኣብ ማእሰርቲ ተዳጒኖም ከምዘለዉ እቲ ምንጪ ይጠቕስ።

ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ'ቲ ቤት ማእሰርቲ ከምዝሓረሰት፤ ሓንቲ ካልአይቲ ጓል ኣንስተይቲ ውን፡ ብጽኑዕ ሓሚማ ከምዘላ ምንጪታትና ይሕብሩ።

እቶም እሱራት ስእሊ ከቕርቡ ከምዝተሓቱ ድሕሪ ምጥቃስ፤ እዚ ንምብራሮም ዝግበር ዘሎ ምድላዋት ምኻኑ ኢዮም ክግልጹ ዝስምዑ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ናብዞም ዝስዕቡ፡ ተለፎናት ምግባር ይከኣል ኢዩ።

1. ፍረወይኒ ሺብራ፡ ቍ.ተለፎን 0174369334
2. መንግስተኣብ ቍ.ተለፎን 0174101681
3. መሓመድ ቍ.ተለፎን 0183431483

እቶም ስደተኛታት ናብ ኤርትራ ከይባረሩ ትቃለስ ዘላ ኣባል ሓደ ንመሰላት ደቂ ሰባት ዝጣበቕ ጉጅለ ዝኾነት ፎዝያ እተባህለት ግብጻዊት ኢያ። ብቑጽሪ ተለፎን 0122297816 ድማ ክትርከብ ይከኣል ኢዩ።